


# ዘውድና

ዘውዲ ብዘውዳ ክብርቲ ድባብ
ዝፋን ኣኽሊል ናይ ሰማእቲ ህያብ
ጥማዕ ደም ብዕጽመ ስጋ ተረኪማ
ወይሉኡ ዝመጸና በዛ ሰንደቕ ዕላማ
ገናሽል ዝወሰደት ሞባእ
ህያበይ ህያብ ሰማእ
ውጻእ መዓት ክብርቲ ግምጃ
ክቡር ሰብ ሓሉፉላ እንድዩ በጃ
ኣንጉዕ በጽሒ መጽያ ጨው ረሃጽ
ነበልባል ዘፈተነት መጋርያ መግሃጽ
መዓስ ተረኺባ ብምጽወታ ልመና
ካብ ሰማይ ዶ ነጢባ ገጸ በረከት ማና
ሰብ እባ ደኣ ወሲዳ ሰብ ብሰቡ ብሉጽ
ሉል ኮይና ዝወጸት ካብ መንጋጋ ሓረግጽ
ተምበልብል ዘላ ብትንፋስ ትንፋሱ ዘሕለፈላ
ወይልኡ ነዛ ዝፋነይ ጽንጽያ ዓይና ዘንፍረላ
ካብ ማዕሙቕ ጥልቀት እንድያ ሰሪራ
ህያብ ክቡራት እንድያ እዛ ክብርቲ ባንዴራ
መለከዒት መንነተይ ደረተይ ዝነፍሓላ
ወይልኡ ሓሳድ ንግምጃይ ትንዕ ዝብላ
ህላወ ሎሚየይ ዝጽውዓሉ ስም
ዝኾርዓሉ ዜግነት ዝሕበነሉ ክቡር ሪም
ኣብቲ ድሙቕ ቀለማ-- ኣሎ እንዶ ትርጉማ
ወይልኡ ጠላም እኩይ ዝምነ ሕሰማ

ኣብ ልቢ ኩልና ሃኒጽናላ እሙን ደብሪ
ንድሕነታን ክብራን ንበጃ ንስሌኺ ብኽብሪ
ዕድመ ብጽሕናን ጉርዝውናን እንድያ መንዚዓ
ብደመ ኣዕጽምቲ ሰማእ እንድያ ጠጢዓ
ሩሕ ብሉጻት ተመጊባ ደም ዘርይዋ
ሕሩያት ሓቲታ ክንከውን ሰብ ሃገረ ራህዋ
እንታይ ድኣሉ ደቀይ ሒቕታ ርኹሳት ረሲኣን
ክብራ ዝድውኑ ጽዩፋት ደመ ርጉኣን
መስጣኺ ይውረዶም ኣንቲ ትንፋስ ሂወተይ
ዓጺሚ ሰማእ ይውግኣዮም ዝመጹኒ በዛ መንነተይ
ንመጋርያ ዝሃቡኺ ዝሰሃሉኺ ብሓዊ
ደጊም ላግጺ የለን ኣይትምጹኡና በዛ ህያብ መርሃዊ
ኣብ ነውስ ወከፍ ስድሪ መሬት ካብ ነውስ ወከፍ ስድራ
ንስሌኺ ከፊልና ነዛ ህላወ ሎሚ ኣንቲ ባንዴራ
ሕጂ ደሞ ተደፊርኪ በቶም ሰብ ሕሱር ዓላማ
ደግሲ ሑዱር ሕማሞም እዩ ኣጆኺ ኤርትራ
ኣለናልኪ ደም ዝጠዓሞ ደም ይጥዓሞ
ኣብ ጽላልኪ የዒምና ሕድሪ ዘረከቡና ክነትምሞ
ክብርቲ ባንዴራ ወትሩ ልዕል በሊ
ዘውድና ድባብና ዝፋንና ግምጃና በሪኽኪ ኣምበልብሊ

ዓወት ንሓፋሽ

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ) / ጀርመን 03/5/2017